# ምስጋና





„ ሃባ እግዚኦ ዕረፍተ ዘለኣለም„

ኣብ መሪር ቀብሪ ስነስርዓት ፡ ናይ ጓልና ፈለግ ( ሳሮን ) ኣንገሶም ገብረመስቀል ካብ ርሑቕን ቀረባን መጺእኩም ዝተኻፈልኩምን ፡ ብቐጻሊ ኣብ ናይ ሓዘን ቦታ፡ ድኻምኩም ከይጸብጸብኩም ዘተሓዛዘንኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ፡ ዓበይትን መንእሰያትን ኩሉካትኹምን ኩሉኻትክንን ፡ ሕሰም እይትርከቡ ! የቐንየልና ! እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ወለዲ
ኣቶ ኣንገሶም ገብረ መስቀል
ወ/ሮ ወይኒ መምህር ሰመረ
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት ።

---

## መልቀስ !!

ወየ ! ወየ! ዓይኑ ይብራህ ፡ ፈለግ ዝረአየ!
ወየ ! ወየ ! ዓይኑ ይብራህ ለይለይ ዝረአየ!

ቆሪርና ! ቆሪርና ! ዝሕልሕል ኢሉና
ጸሓይ ዓሪባትና ! ጸልማት ወሪሱና
ትንፋስኪ ! ሂወትኪ! ብልጭ ድርግም ፡ ሕ ሰም ፡ኮይኑና፡፡

ሎሚ ከኣ! እወ ሎሚ ከኣ!
ጓህን ሓዛንን ፡ እግሪ እግርና ወፊሩ
ኣርኪቡና ኣራኺቡልና፡ ዝገበረ ጌሩ፡፡

ኮነ ኢልካ ድዩ ፡ ወይስ ኣጋጣሚ
ቆጽዩ ዘትረፈ ፡ ነቲ ናትኪ ሕልሚ፡፡

ጭንቕ ጭንቕ !! ብውሽጢ ጭንቕ !!
ዓቕሊ ጽበት !! ሰጋእ መጋእ ሕንቕንቕ
ሰኣን ቅሩብ ፡ ፍንትት ርሕቕ
ሰኣን ሓንቲ ደቒቕ ካብ ሰይጣን ርሕቕ
ተሰፋታት ከሓቕቕ !! ፈለግ ከትወድቕ ፡፡

ካን ኮይንዋ !! እዚኣ ድያ መርዓኺ !
እዚኣ ድያ ጋማኺ !
እዚኣ ድያ ገዝምኺ !
እዚኦ ከ ዕዱማትኪ መፋነውትኺ ፡፡

ናፍቕናዮ እቲ ኮልታፍ መልሓስኪ
ናፊቕናዮ እቲ ፍሕሽው ገጽኪ ፡፡

ቅድሜኹም ይስጥሓኒ ኢልኪ !
ከትጥንጥንያ ነዛ ምድሪ
ዓለምና ገዲፍኪ ፡ ዓለምኪ ከትፈጥሪ
መን ምዒዱኪ ፡ መን እዩ ኣማኻሪ
ሕሽኽሹኽ እከይ ፡ ሰይጣናዊ ምኽሪ
ዋይ ድሕሪት ! ዘመተ ቐትሪ፡፡

ካብ ደለኺ ፡ ከትወዳደሪ ቁንጅና ኣብ ሰማይ
ዳኛታትኪ ከኾኑ ፡ መዓል ጊዮርጊስ ኣምበላይ
ጸሎተኛ እየ !! በልዮም ፡ ጓል መንግስተ ሰማይ፡፡

ይኣክል !! ካብ በልኪ ፡ ናይዛ ዓለም ስቓይ
ይኣክል !! ካብ በልኪ ፡ ኣብ ዘይገዛኻ ውራይ
ፈጣሪ ይቀበልኪ ፡ ኣብ መንግስተ ሰማይ
ምስ ጻድቃን ይሓውስኪ ፡ ኣብ ገነተ ላዕላይ፡፡

***ገ.ገ.መስቀል**
**31.05.2019**